# ኣል ዳዕዋ

ብማሕበር እስላማዊ ምትሕግጋዝ እትዳሎ መጽሔት ቁ:37. 01.2006 http://www.aldawa.de

## ሲረት ሓያተልሳሓባ ታሪኽ ኣቡ ሁሬይራቱ (ኣልደወሲዩ)

*ኣቡ ሁረይራ ካብ 1600 ንላዕሊ ሓዲስ ረሱል ሰ/ወ/ወ/ ንኡመል ኢስላም ሓፊዞ:
*ብዘይምጥርጣር ንፈልጥ ዶ ? እዚ ኮኽብ ዝኾነ ካብ ሳሓባ-ረሱል ሰ/ወ/ወ/
*ከምኡውን ኣሎ ዶ ኣብ ኡመትል ኢስላም ንኣቡሁረይራ ዘይፈልጥ ?

ኣብ ጊዜ ጃህልያ ዓብድሽምሽ ተባህሉ ይጽዋዕ ነበረ ::ኣላሁ ዓዘወጀል ናብ እስልምና ምስኣክረሞ ምስ ረሱል ሰ/ወ/ወ ምስተራኸበ ከም ዝስዕብ ሓተትዎ መን ሽምካ ዓብደሽምሽ ኢሉ መለሰ ኣረሱል ሰ/ወ/ወ/ ድማ በል ዓብድራሕማን በልዎ እወ ( ሕራይ) ዓብድራሕማን''ኣንታ ኣቡይ ወኡሙይ ያረሱለላህ'' እሉ ሓድሽ ሹም ተቀበለ ::

ብዛዕባ ምኽንያት ሳጉኡ ግን ብንእሽትኡ ከሎ ንእሽቶይ ድሙ ነበረቶ ምስኣ ይጻወት ነይሩ:: በዚ ከኣ ኣብሁረይራ ዝብል ቅጽል ሽም ሃብዎ: ብቡዙሕ ምዝውታራ ክሳብ ሽሙ ዝቅየር ኮነ ከምኡውን ኣረሱል ሰ/ወ/ወ : ብብዝሒ ኣቡ ሁረይራቱ ኢሎም ይጽውዕዎ ነበሩ:
''ናዳኒ ቢሃ ሓቢብ ረስሉላህ'' ይብል ኣቡ ሁረይራ''ሓ /ት በኣ ጸዊዑኒ ፈታዊየ ረስሉላህ'' *ጡፉይል ኢብን ዓምርን ኣብ እስልምና ምስኣተወ ኣረሱል ሰ/ወ/ወ : ህዝቡ ዳዕዋ ንኽገብረሎም ለኣኽዎ::

ኣብ ገጽ 8 ይቕጽል: →

## ምስጋና

ድሕሪ ምርጫ ናይ ሹራ 2005 ብሓው ዓብደልሓኪም ሳልሕ ሓላፊ ክፍሊ ዜና ማሕበር እስላማዊ ምትሕግጋዝ ብ ዝተዋህበኒ ሓላፍነት ከም ኣዋሃሃዲ መጼሔት ኣልዳዕዋ ኮይነ ዓቕመይ ብዘፍቅዶ ስርሓይ ከሰላስል ፈቲነ:: ኣብዚ ክብሎ ዝደሊ ዘለኹ እዚ ናይ ምጽሓፍን ምቱርጓምን ምስቶም ዝጽሕፉ ኣሕዋት ብተኸታታሊ ብምውህሃድን ሓሳባት ምልውዋጥን ናይ ሓባር ስራሕ ከምዝነበረ ክጠቅስ ኣድላዪ ኮይኑ ይስማዓኒ::

ኣብ ዕለት 19ን 20ን ዝተኻየደ ናይ ሹራ ኣኼባ እቲ ሓላፍነት ናይ ክፍሊ ዜና ብሓውና ሙሓመድ ብርሃን ናስራይ ስለ ዝተተከአ ነዛ ኣብ ኢድኩም በጺሓ ዘላ ሕታም ቁ:37 ንኽዳልዋ ብዝሓተተኒ ነዚ ዕድል ብምጥቃም ነቶም ዝሓገዙኒ ኣሕዋት ከመስግን ደስ ይብለኒ::

ኣብ ገጽ (2) ይቕጽል: →

## ትሕዝቶ ሕታም

ታሪኽ ኣቡ ሁሬይራ....1,8ን

ምስጋና ..................1.2ን

.ምስ ሱረት ኣልሑጁራት..3

.መጀመርያ ፍጥረት
ሰይድና ኣደም..... 5,6

3 Empryos...............7

.Und Allah genügt uns als Beschützer.....9,10ን

ሕቶ ንኣል-ሳህ...............12

*መቐጸልታ ናይ ገጽ ( 1)ምስጋና*

ንኹሎም ኣሕዋት ነዚ ስራሕ ናይ ዳዕዋ ቀጻልነት ክህልዎ ዘተባብዑና ከየመስገንክዎም ክሓልፍ ዉን ኣይደልን::

ብፍላይ ነቶም ብተኻታታሊ ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ሕታማት ኣልዳዕዋ ቁ: 34,35,36,ከምኡ ውን ኣብዛ ሕታም ቁ:37 ኣበርክቶኦምን ተሳትፎኦም ዘወፍውዩ ኣሕዋት ማእለያ ዘይብሉ ምስጋናይ ይብጻሕኩም ይብሎም::

*ጀዛኩም ኣላሁ ኸይረን:*

ሓፍትና ማሕፉዛ ስራጅ:ሓፍትና ፈውዚያ ሓሰን:ሓዉና ሙሓመድ ኢማም:ሓውና ዓብደልሓኪም ሳልሕ:ሓውና ኢብራሂም ዓጣ:ሓውና ኣቡ ዓብዱራሕማን:ሓውና ኑረዲን ኑርሒሰን::
ብፍላይ ኣብዚ ንሓፍትና ማሕፉዛን ንሓፍትና ፎዚያን ብተኸታታሊ ንማሕበርና ብዘገድስ ሓሳባት ዝተፈላለየ ሓቦን ኒሕን ተገዳስነትን ብዝመለኦ ጽሑፋት ካብ ምስዳድ ጠጠው ዘይበላ ክብ ዝበለ ኽብረትን ምስጋናን ከመሓላልፈለን እደሊ:: ኣብ መዳይ ናይ ጽሕፈት እዚ ኣበርክቶን ተገዳስነትን እናዛየደን እናዓዘዘን ክብ ንኽብልን ካኣ ጽቡቕ ትምኒተይ ክገለጽ ደስ ይብለኒ::

ንኡሙ ሃሽም ኻኣ:ትዕግስቲ ስንቅኺ ይኹን ኣብዚ ሃገር እዚ በይንኺ ኣይኮንኪን እትሽገርን እትሳቐይን ዘለኺ:ዳሕራይ ካኣ ናብራ ኮ ፈተና ካብ ረቢ እያ:ሰብሪ ጌርኪ እናተቓለስኪ ኣብ ረቢኺ ተጸግዒ እናበለኩ ሰላማታ ይ እውን ኣቕርበላ::
ንሓውና ዓብደልሓኪም ሳልሕ ካኣ ብዙሕ ኢና እነመስግነካ ኣብ መዳይ ናይ ዳዕዋ:ናይ ኢንተርነት ኮይኑ ናይ መጺሔት ኣልዳዕዋ ዝፈጸምካዮ ዘይበርስ ስራሓት:ውጺኢቱ ንኹሉ ብሩህ ስለ ዝኾነ: ጀዛከላሁ ኸይረን ክብሎ ደስ ይብለኒ::
ንሓዉና ሙሓመድ ናስራይ ሓላፍነት ክፍሊ ዜና ብምስካምካ ረቢ ይሓግዘካ:ኩላህና ዓቕምና ብዘፍቅዶ ክንሕግዘካ ከምዝኾና ቃል ንኣትወልካ:
እዚ ወደሓን ኩኑ:

*ሓውኹም ኢብራሂም ሙስጣፋ*

**መጺሔት ኣልዳዕዋ ብማሕበር እስላማዊ ምትሕግጋዝ ኣብ ሃገረ ጀርመን እትዳሎ መጺሔት እያ።**

**ኣድራሻ:**

**Gis e.V.**
**P.O.Box 101344**
**42103 Wuppertal**
**Germany**

*መርከዝ ቢላል*:
Montanus Str.76
51065 Köln

Bank:
Deutsche bank A.G
Wuppertal
KontoNr.280 29 08
BLZ 330 700 24

## ለበዋ

ክቡር ኣንባቢ መጺሔት ኣልዳዕዋ

ኣብ መዳይ ጽሑፍ እጃምካ ከተበርክት ንላበወካ።
ንእስላማዊ ትምህርቲ ዘንጸባርቕ ዝኾነ ሓሳብ ወይ ርኢቶ ዋላኳ ትርጉም ናይ ሓንቲ ጥቕሲ ቁርኣን ትኹን ካብ ምጽሓፍን ምስታፍን ኣይትቆጠብ።
ረሱል ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ይብሉ:

( በሊቑ ዓኒ ወለው ኣያ)
ወላኲ ሓንቲ ጥቕሲ ኣያ ትኹን ኣብጽሑለይ።

ብተወሳኺ ዝኾነ ነቐፌታን ንጉድለታትና ዝእርም መኣረምታን ሓሳብን ከተወፉዩልና ብትሕትና ነሓተኩም።
ናብ ረቢ ዳዕዋ ምግባር ናይ ኩላትና ሓላፍነት ከምዝኾነ ኣይንረስዕ።

## መተሓሳሰቢ

ኣብ መጺሔትና ናይ ቁርኣን ጥቕስታት ኣያት ስለ ዘለዉ ብጽቡቕን ብጥንቃቐን ክትሕዝዎ ንላቦ። ከምኡ እውን ዝኾነ ኣብ መጺሔት ኣልዳዕዋ ዝቐርብ ጽሑፍ ናይ ጸሓፊኡ ርኢቶ እዩ ዝውክል።
ከምኡ እውን ናይ ዝኾነ ምስትርጓም ናይ ቁርኣን ወይ ኣሓዲስ ዝርከብ ጌጋታት ሓላፍነት ዝስከሞ እቲ ደራሲኡ እዩ።

ዱዓእ

ሱብሓና ኣላህ ወቢሓምዲሂ ወላኢላህ ኢላ ኣላህ ኣላሁ ኣክበር ውላሓውላ ወላ ቁወታ ኢላ ቢላህ.

---

ኣላሁማ ኣሪና ኣልሓቃ ሓቀን ወርዙቅና እቲባዓህ ወኣሪና ኣልባጢላ ባጢለን ወሩቕና እጅቲናባህ:

## ሓፈሻዊ ትንተና ሱረት ኣልሑጁራት (3)

ክቡራት ኣንበብቲ መጺሔት ኣልዳዓዋ: ኣብ ሕታም ኣልዳዕዋ ቁ:33 ኣብ (ትሕቲ ( ቅድሚ ዝኾነ ፍርዲ ምሃብ ንዝመጸና ወረ ሓቅነቱ ነረጋግጽ  ዝብል ኣርእስቲ ንጥቕሲ ቁ: ( 6,11) ን ካብ ሱረት ኣልሑጁራት ሓፈሻዊ ትንተና ኣቕሪብና ኔርና:: ብተወሳኺ ኣብ ሕታም ቁ:34 ጥቕሲ ካብ ጥቕሲ ቑ: ሓደ ክሳብ ቁጽሪ ሓሙሽተ ኣቕሪብና::

ኣብዛ ሕታምና ኻኣ ነተን ዝተረፋ ናይ ሱረት ኣልሑጁራት ኣያት ነቕርበልኩም:
ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ከምዚ ይብል:

وَاعْلَمُوا أَنَّ فِيكُمْ رَسُولَ اللَّهِ لَوْ يُطِيعُكُمْ فِي كَثِيرٍ مِنْ الأَمْرِ لَعَنِتُّمْ وَلَكِنَّ اللَّهَ حَبَّبَ إِلَيْكُمْ الإِيمَانَ وَزَيَّنَهُ فِي قُلُوبِكُمْ وَكَرَّهَ إِلَيْكُمْ الْكُفْرَ وَالْفُسُوقَ وَالْعِصْيَانَ أُوْلَئِكَ هُمْ الرَّاشِدُونَ (7)

ኣብ መንጎኹም ልኡኽ ናይ ኣላህ ከምዘሎ ፈሊጥኩም ብስነስርዓት ቅረብዎ።ምኽንያቱ ንዓኹም ዝጠቕመኩም ካባኹም ንላዕሊ ስለ ዝፈልጥ: ትእዛዙ ኣኽብሩ ንዓኹም ዝጠቅም እዩ ዝእዝዘኩም።ንኹሉ እትሓትዎን እትደልይዎን ክትፍጽምዎ ትደልይዎ ነገራት ረሉል ተትቕበለልኩም ሳዕቤኑ ሕማቕ ምኾነ ኔሩ።ኣብዘይውጻኣሉ ጸገማት እውን ምወደቕኩም ኔርኩም።ግን ኣላህ ንእምነት ፍትው ጌሩ ኣብ ልቡኹም ከምዝኣቱን ከምዝሰርጽን ጌሩልኩም።ብኡ መጠን ካኣ ክትኣምኑ ኪኢልኩም።በንጻሩ እውን ንክሕደትን ዘይምምእዛዝን ብኣኹም ከምዝጽላእ ጌርዎ። ኸምዚ ዝኣመሰለ መለለይ ጠባይ ዘማልኡ ኻኣ እዮም እቶም መንገዲ ሓቂ ተኸቲሎም ዝኸዱን ሳድቃን ዝኾኑን።

فَضْلاً مِنْ اللَّهِ وَنِعْمَةً وَاللَّهُ عَلِيمٌ حَكِيمٌ (8)

እዚ ዝረኸብዎ ጽቡቕ ነገር ካኣ ረቢ ስለ ዝደለየሎምን ዝፈተወለሙን እዩ።ብረቢ እተለገሰሎም ልግሲ እዩ።ኣላህ ካኣ ንዝምስግን ሰብ ይርኢን ይፈልጥን እዩ።ንጉዳያት ፍጡራቱ ኻኣ ብዝበለጸ ኣገባብ እዩ ዝኣልን ዝመርሕ።

وَإِنْ طَائِفَتَانِ مِنْ الْمُؤْمِنِينَ اقْتَتَلُوا فَأَصْلِحُوا بَيْنَهُمَا فَإِنْ بَغَتْ إِحْدَاهُمَا عَلَى الأُخْرَى فَقَاتِلُوا الَّتِي تَبْغِي حَتَّى تَفِيءَ إِلَى أَمْرِ اللَّهِ فَإِنْ فَاءَتْ فَأَصْلِحُوا بَيْنَهُمَا بِالْعَدْلِ وَأَقْسِطُوا إِنَّ اللَّهَ يُحِبُّ الْمُقْسِطِينَ (9)

እንተዳኣ ክልተ ጋንታ ወይ ወገን  ካብ ሙኢሚኒን(ኣመንቲ) ኣብ ግጭት ኣትዮም ኣብ ውግእ ኣትዮም:ኣብ መንጎኦም ሰላም ንኽርከብ ዕረቕዎም።ናብቲ መጽሓፍ ናይ ረቢ(ቁርኣን) ከምኡ’ዉን ናብ ሱና ተመሊሶም ፍርዱ ንኽቕበሉ ኣተባብዕዎም።ግን እንተዳኣ ሓንቲ ጉጅለ ወይ ጋንታ ነዚ ዕርቂ ነጺጋ ዘይተቐበለት: ናብ ትእዛዝ ናይ ረቢ ንኽትምለስ ምእንቲ ተዋግእዋን ኣገድድዋን።ግን እንተዳኣ ትእዛዝ ናይ ኣላህ  ኣኽቢራ ተመሊሳ ብመሰረት ሓቅን ፍትሕን ነቲ ዕርቂ ኣሰላስልዎ።ኣብ እትገብርዎ ፍርዲ ኻኣ ፍትሓውያን ኩኑ።ሕጊ ናይ ኣላህ  ካኣ ኣኽብርዎ ካልእ ብዘይካኡ ሕጊ ኣይትናድዩ።
ኣላህ ካኣ ነቶም ኣብ ፍርዶም ፍትሓውያን ዝኾኑ እዩ ዝፈቱ።

إِنَّمَا الْمُؤْمِنُونَ إِخْوَةٌ فَأَصْلِحُوا بَيْنَ أَخَوَيْكُمْ وَاتَّقُوا اللَّهَ لَعَلَّكُمْ تُرْحَمُونَ (10)

ኩሉም ኣመንቲ ዲኖም ሓደ ስለ ዝኾነ ኣሕዋት ከምዝኾኑ ፍለጡ።እንተዳኣ ኣብ መንጎኦም ዘይምቅዳውን ባእስን ግጭትን ውግእን ተፈጢሩ ዕርቂ ንኽገብሩ ጸዓሩ።ኣብ ዝኾነ እተካይድዎ ንጥፈታት ካኣ ብመሰረት ፍርሂ ኣላህ ተደሪኽኩም ስራሕኩም ኣሰላስሉ።

يَا أَيُّهَا الَّذِينَ آمَنُوا لا يَسْخَرْ قَومٌ مِنْ قَوْمٍ عَسَى أَنْ يَكُونُوا خَيْراً مِنْهُمْ وَلا نِسَاءٌ مِنْ نِسَاءٍ عَسَى أَنْ يَكُنَّ خَيْراً مِنْهُنَّ وَلا تَلْمِزُوا أَنفُسَكُمْ وَلا تَنَابَزُوا بِالأَلْقَابِ بِئْسَ الاِسْمُ الْفُسُوقُ بَعْدَ الإِيمَانِ وَمَنْ لَمْ يَتُبْ فَأُوْلَئِكَ هُمْ الظَّالِمُونَ (11)

ኣንቱም ብኣላህን ብረሱሉን ዝኣመንኩም ብመሰረት ሕጉ እትሰርሑ ዘለኹም:ሓደ ህዝቢ ብካልእ ህዝቢ ክላገጽን ከናእስን ከስታሕቅርን ኣይግባእን።ካብዚ እከይ ስራሕ ተኸልከሉ።ምኽንያቱ እቶም እተናእስዎም ዘለኹም ካባኹም ንላዕሊ ቡሉጻትን ብረቢ ፍትዋትን ክኾኑ ስለዝኽእሉ።ደቂ ኣንስትዮ ኻኣ ብኣሓተን ካለኦት ደቂ ኣንስትዮ ክላገጻን ከናእሳን ከስታሕቅራን ኣይግባእን።

ምኽንያቱ እተን እትላገጻለን ዘለኽን ኣንስቲ ካባኽን ንላዕሊ ቡሉጻትን ብረቢ ፍትዋትን ክኾና ስለዝኽእላ።ብእትጸልእዎ ናይ ሳጓ ኣስማት ካኣ ኣይትጸዋውዑ።ኣሚንኩም ከተብቅዑ መንገዲ እስልምና ተኸቲልኩም እንከለኹም ናብ ከምዚ ዝኣመሰለ እከይ ተግባራት ናይ ምልጋጽን ምንኣስን ብዘይ ፍቱው ኣስማት ኣብ ምጽውዋዕ ክትወድቁ እቲ ዝኸፈአ ነገር እዩ።

ካብዚ ዓይነት ሕማቕ ተግባር እንተዳኣ ተጣዒስኩም ቶባ ጌርኩም እንተዳኣ ዘይተመሊስኩም ኣብ ሓጢኣት ከምዘለኹም ፍለጡ።
እዚ ስራሓት ካኣ ናይ ዓመጽቲን ገበነኛታት ስራሕ ከምዝኾነ ኣስተብህሉ።

يَا أَيُّهَا الَّذِينَ آمَنُوا اجْتَنِبُوا كَثِيراً مِنْ الظَّنِّ إِنَّ بَعْضَ الظَّنِّ إِثْمٌ وَلا تَجَسَّسُوا وَلا يَغْتَبْ بَعْضُكُمْ بَعْضاً أَيُحِبُّ أَحَدُكُمْ أَنْ يَأْكُلَ لَحْمَ أَخِيهِ مَيْتاً فَكَرِهْتُمُوهُ وَاتَّقُوا اللَّهَ إِنَّ اللَّهَ تَوَّابٌ رَحِيمٌ (12)
ኣንቱም ብኣላህን ብረሱሉን ዝኣመንኩም ብመሰረት ሕጉ እትሰርሑ ዘለኹም:ካብ ብዙሕ ዓይነት ጥርጠራ ረሓቑ።ገለ ካብቲ ጥርጠራኹም ገበን ክኸዉን ስለ

ዝኸእል።ካብ ዝኾነ ስሊያ ካኣ ረሓቑ።ነንሕድሕድኩም
ካኣ ኣይትታሓማመዩ።ስጋ ዝሞተ ሓውኹም ዶ
ክትበልዑ ትፈትዉ ኢኹም?ልክዕ ከምቲ ስጋ
ሓውኹም ክትበልዑ ዘይትፈትዉን ዘይትደልዩን
ብተመሳሳሊ እውን ንኻለኦት ምሕማይ ልክዕ ከም ስጋ
ሓውኻ ምብላዕ ስለ ዝኾነ ካብዚ እከይ ናይ ምሕማይ
ተግባር ተኸልከሉ።ፍርሂ ኣላህ ኣብ ልብኹም
ኣሕዲርኩም ኣላህ ብዝኣዘዘኩም መሰረት ስርሑ ካብ
ዝከልከሉ ነገራት ካኣ ተኸልከሉ።
ረቢ ካኣ ቶባ ኢሉ ንዝተመልሰ ሓጥያቱ ይሓድገሉ
እዩ።ኣላህ ካኣ ርህሩህን ይቕረ በሃልን ከምዝኾነ
ፍለጡ።

يَا أَيُّهَا النَّاسُ إِنَّا خَلَقْنَاكُمْ مِنْ ذَكَرٍ وَأُنثَى وَجَعَلْنَاكُمْ شُعُوباً وَقَبَائِلَ
لِتَعَارَفُوا إِنَّ أَكْرَمَكُمْ عِنْدَ اللَّهِ أَتْقَاكُمْ إِنَّ اللَّهَ عَلِيمٌ خَبِيرٌ (13)

ኦ ደቂ ሰባት ንሕና ካብ ሓደ ኣቦ እሱ ኻኣ ኣደም እዩ
ከም’እውን ካብ ሓንቲ ኣደ እሳ ኻኣ ሓዋእ(ሄዋን) ኢና
ፈጢርናኩም።ዘርእኹም ሓደ ስለ ዝኾነ: ብዘርኢ ሓደ
ካብ ሓደ ከምዘይበልጽ ክትፈልጡ ይግባእ።ብምፍራይ
ካኣ ካብ ዝተፈላለየ ኣህዛብን ዓሌታትን ከምትኾኑ
ጌርናኩም።ምእንቲ ነንሕድሕድኩም ክትላለዩን
ክትፋለጡን።እቲ ካባኹም ኣዝዩ ብሉጽን ምሩጽን
ዝኾነ ኻኣ እቲ ንረቡ ኣዝዩ ዝፈርሆን ሽርዑ ዘኽብርን
እዩ።
ኣላህ ካኣ ነቶም ንዕኡ ዝፈርሁ ይፍልጦምን
ንኩነታቶምን ይዕዘብን ከምዘሎ ተገንዘቡ።

قَالَتْ الأَعْرَابُ آمَنَّا قُلْ لَمْ تُؤْمِنُوا وَلَكِنْ قُولُوا أَسْلَمْنَا وَلَمَّا يَدْخُلْ الإِيمَانُ
فِي قُلُوبِكُمْ وَإِنْ تُطِيعُوا اللَّهَ وَرَسُولَهُ لا يَلِتْكُمْ مِنْ أَعْمَالِكُمْ شَيْئاً إِنَّ اللَّهَ
غَفُورٌ رَحِيمٌ (14)

እቶም ዓረበኛታት (ካብ ሃገረሰብ ዝመጹ):ብኣላህን
ብልኡኹን ብዝግባእ ኣሚንና ኢና ይብሉ።
ኦ ሙሓመድ: ምሉእ እምነት ኣለና ንዝብሉ ዘለዉ
ዓረበኛታት ከምኡ ኣይትበሉ በሎም።ግን ኣስላም
ኮይና ጥራሕ በሉ:በሎም። ምኽንያቱ ገና እቲ ምሉእ
እምነት ኣብ ልብኹም ኣይኣተወን ዘሎ።ንኣላህን
ልኡኽን እንተዳኣ ተኣዚዝኩም ካብቲ ዝግባኣኩም
ዓስቡ ብፍጹም ኣላህ ኣይከግዱለልኩምን እዩ።
ኣላህ ካኣ ካብ ሓጢኣቱ ተናዚዙ ቶባ ኢሉ ንዝምለስ ሰብ
ይቕረ ይብለሉን ይሓድገሉን እዩ። ኣላህ ርህሩህን
ለዋህን ከምዝኾነ ኻኣ ፍለጡ።
እዚ ኻኣ ነቶም እምነት ናትና ጽኑዕ እዩ እናበሉ ግን
ተግባራቶም ካልዕ መልክዕ ንዝሓዘ ሰባት የጠንቅቖም።

إِنَّمَا الْمُؤْمِنُونَ الَّذِينَ آمَنُوا بِاللَّهِ وَرَسُولِهِ ثُمَّ لَمْ يَرْتَابُوا وَجَاهَدُوا
بِأَمْوَالِهِمْ وَأَنفُسِهِمْ فِي سَبِيلِ اللَّهِ أُوْلَئِكَ هُمْ الصَّادِقُونَ (15)

እቶም ሙእሚኒን(ኣመንቲ)ብኣላህን ብልኡኹን
ሙሓመድ ዝኣመኑን ብመሰረት ሕጉ ዝሰርሑን እሞ
ብእምነቶም ዘይወላወሉን ዘይጠራጠሩን:እሞ ካብ
ገንዘቦም ምእንቲ ኣላህ ዘውጽኡን:ብተወሳኺ ምእንቲ
ኣላህ ንነፍሶም ዝብጅዉን ዝጃህዱን(ዝቃለሱን):እዞም
ነዚ ዓይነት ስራሓት ዝሰርሑን ዘተግብሩን እሶም እዮም
እቶም ብሓቂ ኣብ እምነቶም ጽኑዓት ዝኾኑን መለለይ
ጠባይ ናይ እምነት ዘማልኡን።

وَمَا فِي الأَرْضِ   قُلْ أَتُعَلِّمُونَ اللَّهَ بِدِينِكُمْ وَاللَّهُ يَعْلَمُ مَا فِي السَّمَوَاتِ
وَاللَّهُ بِكُلِّ شَيْءٍ عَلِيمٌ (16)

እስከ ኣንታ ረሱል ነዞም ዓረበኛታት:ብዛዕባ
እምነትኩም ዲኹም ንኣላህ ክተፍልጡ
ደሊኹም?እምበኣር ኣላህ ንኣብ ሰማይን ምድርን ዘሎ
ኩሉ እዩ ዝፈልጥን ካብኡ ዝሕባእ ነገር ካኣ ብፍጹም
የልቦን።ኣላህ ኹሉ ነገር እከይ ኮይኑ ናይ ክሕዳን
ስራሕ ጽቡቕ ኮይኑ ናይ ሰናይ ተግባር ከምዝፈልጥ
ክትስሕቱ የብልኩምን።

يَمُنُّونَ عَلَيْكَ أَنْ أَسْلَمُوا قُلْ لا تَمُنُّوا عَلَيَّ إِسْلامَكُمْ بَلْ اللَّهُ يَمُنُّ عَلَيْكُمْ
أَنْ هَدَاكُمْ لِلإِيمَانِ إِنْ كُنتُمْ صَادِقِينَ (17)

እቶም ዓረበኛታት :ኣብ እስልምና ኣቲና ኢና ብምባል
ካብ ጃህራ ዝተላዕለ ንዓኻ ብምኻታሎምን
ብምሕጋዞምን ይገልጹልካን የብርሁልካን።እሞ :ኣብ
እስልምና ስለ ዝኣተኹም ኣይትኽሩዑለይ ጃህራኹም
ቆጥቡ በሎም።
ጥቕሚ ናይ ምምስላምኩም ናዓኹም እዩ
ዝጠቕመኩም።ብተ

ወሳኺ እቲ ንዓኹም ናብ መንገዲ ቅንዕና ምስልምና
ዘእተወኩም ጎይታ እሱ እዩ ጥራሕ ንዓኹም
ብዝገበረልኩም ክዛረብን ክገልጸልን ዝግበኦ።ብሓቂ
ኣመንቲ እንተዳኣ ኮይንኩም ካብ ከምዚ ናይ ጃህራ
ቃላት ረሓቑ።

وَالأَرْضِ وَاللَّهُ بَصِيرٌ بِمَا تَعْمَلُونَ ( إِنَّ اللَّهَ يَعْلَمُ غَيْبَ السَّمَوَاتِ

ኣላህ ቐይቢ(ኽዉል)ዝኾነ ኣብ ሰማይን ምድርን
ንዝርከብ እዩ ዝፈልጥ።ዝኾነ ካብኡ ዝኽወልን
ዝሕባእን ብፍጹም የልቦን።ከምኡ’ዉን ኣላህ
ንእትትግብርዎን እትሰርሕዎን ይፈልጦን ይዕዘቦን
ከምዘሎ ፍለጡ።
ኣላህ እውን ዓስቢ ተግባራትኩም እከይ ኮይኑ ጽቡቕ
ክክሕሰኩም ምኳኑ ተገንዘቡ።

# *መጀመሪያ ፍጥረት ሰይድና ኣደም ዓ /ሰ ኣብ ጀና*

## *<u>ናይ መጀመርያ ማዕስያ (ዘንቢ)</u>*

*መጀመሪያ*: ቅድሚ ኣንቢያእ: ቅድሚ
ሚ መርየት :ቅድሚ ሰማያት : ካብ መጀመሪያ ንጀምር ::
<ኣላሁ ኸለቐ ኩሉ ሸይእ ወሁዋ ዓላኩሉ ሸይኢን ወኪል
ሓፈሻዊ ትርጉም :
*ኣላህ ዓዘወጀል’’ንኩሉ ፍጥረታት ፈጢሩ’’ እሱ ኻኣ ናይ ኩሉ ሓላፊ( ወናኒ ) እዩ :: ኣብ ሓዲስ የዘንቱ ኢማም ሙስልም ከምኡውን ርእይቶ ናይ ፍቆሃእ ኣብዚ ኩነት እዚ ኣየናይ እዮ መጀምሪያ ተፈጢሩ: ዓን ዓብዲላህ ኢብን ዓምርን ኢቢን ዓስ ረድየላሁ ዓንሁ ይብል ሰሚዐ ኣረሱል ሰ/ወ/ወ ክብሉ:
<<ከተባላሁ መቃዲራ ኣልኽላይቕ ቀብላ ኣየ ኽሊቓ ኣሰማዋት ወልአርድ ቢኸምሲና ኣልፊ ሰና>>
ሓፈሻዊ ትርጉም:
*ወሰነ (መዝገበ) ዕቅን ናይ ፈጥረታት ቅድሚ ሰማይን መርየት ምፍጣሩ ቅድሚ 50.000 ዓመት::
መጀመሪያ ኣላህ ዓ /ወ ዓርሽ ፈጠረ ብድሕርኡ ቀለም ፈጢሩ ብምክትታል ለውሑል ማሕፉዝ (መዝገብ ወይ ሰነድ ) ኣላሁ ዓ/ወ ንቀለም ጸሓፊ ኢሉ ምስ ኣዘዛ ካብታ ጊዜ ጀሚሩ ይጽሕፍ ከምቲ ረቢ ዝኣዘዛ ክሳብ የወመል ቂያማ እዚ ኻኣ ቆጸራ ናይ ረቢ እዩ:
ብድሕሪኡ ዝተረፉ ፍጥረታትን ከም ሰማይ መርየትን ተፈጠረ:: ኣብ ሰማይን መርየትን:እዚ ዚስዕብ ዝርዝራት ኣፈጣጥራ. ኢማም ኣሕመድ ከምኡውን ኢማም ሙስሊም ኣብ ሓቀኛ ጽሑፎም የዘንትዉልና::

*ኣቡ ሁረይራ ረ:ዓ :ይቡሉ ኣረሱል ሰ/ወ/ወ: ብኢደይ ሒዞም ይብሉኒ ኣላህ ዓ.ወ መዓልቲ ሓመድ ፈጢሩ :ሰንበት መዓልቲ ጎቦታት ፈጢሩ ሰኑይ መዓልቲ ኣእዋም ፈጢሩ ሰሉስ መዓልቲ ሕማኞ ነገራት ጀርምስ ሕማማት ወ.ዘ.ተ. ፈጢሩ ሮብዕ መዓልቲ ብርሃን ፈጢሩ: ሓምስ መዓልቲ ፈውሲ (መድሃኒት) ፈጢሩ: ጅምዓት መዓልቲ ድሕሪ ዓስሪ:ናይ መጨረሽታ ፍጥረት: ኣብ መጨረሽታ ሰዓት: ኣብ መንጎ ዓስርን ለይትን ኣቦና ኣደም ( ኣቡል በሸር ) ኣቦ ደቂ ሰባት ተፈጠረ::
ኣላሁ ስቡሓናሁ ወተዓላ ቅድሚ ንኣቡና ኣደም ምኽላቁ (ምፈጣሩ) ንመላኢካታት ፈጠሩም ::
ድሕሪ መላኢካታት ምፍጣሮ ኣጅናን ተፈጢሮም ነዚ ኻኣ ብዙሕ ሓዲስ ከምኡውን ኣያት ቁርኣንያ ኣሎና:
وَالْجَانَّ خَلَقْنَاهُ مِنْ قَبْلُ
‘’ ወል ጃን ከለቕናሁ ምንቀብል’’
ሓፈሻዊ ትርጉም
ኣላሁ ዓ/ወ ይብል ኣጂናን ቅድሚ ደቂ ሰባት(ኣብና ኣደም) ፈጥሮዮም:
ካበይ ከምዝፈጠሩም ክገልጸልና ከሎ:
(15) وَخَلَقَ الْجَانَّ مِنْ مَارِجٍ مِنْ نَارٍ
’’ ወኻለቃል ጃና ሚን ማሪጊን ምንናር’’
ሓፈሻዊ ትርጉም:
ኣላህ ዓ/ወ ንኣጅናን ካብቲ ቀንዲ ሓዊ ዘይኮነስ ካብቲ ጫፍ ናይ ሓዊ ከምዝፈጠሮ የረደኣና:
*ባዕሉ ሸይጣን ይብል ነዓይ ካብ ሓዊ ፈጢርካኒ
‘’ኣብ ሓዲሰ ሰሒሕ ይብሉ ኣረሱል ሰ/ወ/ወ’’
*መላኢካታት ካብ ብርሃን ተፈጢሮም :
*ኣጅናን ካብ ሓዊ ተፈጢሮም:
*ኣደም ዓ/ሰ ካብ ሓመድ ተፈጢሩ
ሸይጣን ረቢ ይንዓሎ ካብ ጅን እዩ’’ ካብ መላኢካ ኣይኮንን ’’ኣብዚ ከይንጋገ ከነስተውዕል ኣሎና ነዚ ዘረጋግጽ ኣያ ኸኣ እዚ ዝስዕብ ኣያት ቁርኣንያ ኣሎና
إِلاَّ إِبْلِيسَ كَانَ مِنْ الْجِنِّ فَفَسَقَ عَنْ أَمْرِ رَبِّهِ
‘’ ኢላ ኢብሊሳ ካና ምነልጂን ፈፈሳቓ ዓን ኣሚሪ ረቢሂ’’
ሓፈሻዊ ትርጉም
*ኢብሊስ (ሸይጣን )ካብ ጅን ምኻኑን እሱ ጥራይ ኸኣ ትእዛዝ ናይ ረቢ ዓ/ወ ከምዝኻሓደ ይገልጽልና::
ኢብን ዑመር : ውኢብን ዓባስ ረ/ዓ ይብሉ ቅድሚ ኣደም ዓ/ሰ ምፍጣሩ ቅድሚ 2000 ዓመት ኣጅናን ይነብሩ ነይሮም ኣብዛ ንነብረላ ዘሎና መርየት ብዕልግና ጸይቂ ስራሕን ነንርእሰኻ ምቅትታል ምስ ኣብዙሑ ኣላሁ ሰ/ዓ መላኢካታት ሊኢኹ ዓቢይ ኩናት ገጥሞም ቀቲለሞም: ሰግጎም( ኣባሪሮሞም)ኣብ ባሕርታት : ውቅያኖሳት: ቀላያት እዚካ ክሳብ ዘሎናዮ ዘመን ቦቶኦም ኮይኑ ይርከብ: ሸይጣን ረቢ ይንዓሎ ረእስ (ንጉስ) ናይ ጅን እዮ ዓርሹ ካኣ ኣብ ማይ :( ባሕርታት:ቀላያት: ውቅያነሳት:) ይርከብ:
እዚ ኩሉ ኣብ ላዕሊ ከነዘንትዎ ዝጸናሕና ቅድሚ ኣቡና ኣደም ዓ/ሰ ምፈጣሩ እዩ: ንጀምሪ ናይ መጀመሪያ ነቢይ ወሩሱል ዝኾኑ ሰይድና ኣደም ዓ/ሰ:
ኣላህ ዓ/ወ ይብል
وَمَا خَلَقْتُ الْجِنَّ وَالإِنسَ إِلاَّ لِيَعْبُدُونِ
‘’ወማ ኸለቕቱል ጂና ወልኢንሳ ኢላ ሊያዕቡዱን’’
ሓፈሻዊ ትርጉም
*ኣላህ ዓ/ወ ይብል ንደቅሰባት ይኹን ንኣጅናን ዝፈጠርኩዎም ንዓይ ንኺግዙኡኒ ጥራይ እዩ
*ኣላሁ ዓ /ወ ሃብታም እዩ ካብቲ ናትና (ዕባዳ) መግዛእቲ ኣንሕና ደቒሰባት ግን ድኻታት ኢና ካባና ዝደልዮ የለን ጥራይ ናዓና ንኽፌልጠና ክብረቱ : ክእለቱ : ሓይሉ : ብርታዕነቱ : ርህራህኡ …ወ.ዘ.ተ.
ቅድሚ ንኣቡና ኣደም ምፍጣሩ ኣላህ ዓ/ወ ምስ መላኢካታት ዝርርብ ገበረ
:
وَإِذْ قَالَ رَبُّكَ لِلْمَلائِكَةِ إِنِّي جَاعِلٌ فِي الأَرْضِ خَلِيفَةً
‘’ወኢዝ ቓላ ረቡካ ሊል መላኢከቲ ኢኒ ጃዒሉ ፍልኣርዲ ኸሊፋ’’
ሓፈሻዊ ትርጉም
*ኣላህ ዓ/ወ ንመላኢካታት ኢሊዎም ኣነ ኣብ መርየት ወራሲ : ተካኢ (ተከታሊ) ክገብር ደልየ:
*ንመርየት ክዕምራ : ከፋሪያ ( ከብዝሓ) ሓደ ብሓደ ክትክኦ ደልየ:
መላኢካታት ሕቶ ኣቕረቡ
‘’قَالُوا أَتَجْعَلُ فِيهَا مَنْ يُفْسِدُ فِيهَا وَيَسْفِكُ الدِّمَاءَ وَنَحْنُ نُسَبِّحُ بِحَمْدِكَ وَنُقَدِّسُ لَكَ
ቃሉ ኣታጀዓሉፊሃ መን ዮፊሲድ ፊሃ ወየስፊኩ ዲማእ ወናሕኑ ኑሰቢሑ ቢሓምዲካ ወኑቀዲሱ ለካ
ሓፈሻዊ ትርጉም
ኢሎም መላኢካታት ዓ/ሰ ኣንታ ጎይታና ንመርየት ዘፈስድ : ጸይቂ ስራሕ ዘብዝሑ ዲኻ ክትፈጥር ደሊኻ : ከምቲ ቅድሚ ሕጂ ኣጅናን ዘፈሰድዋ ንመርየት
እዚ ሕጂ ትፈጥሮ ዘለኻ ካባና ይበልጽ ድዩ?
መላኢካታት ፈሪሖም ካብቲ ዝኣዘዞም ኣላህ ዓ /ወ ኣግዲሎም ከይ ኮኑ ከም ዝስዕብ ሑቶ ኣቅረቡ
ካብ ዕባዳ ( ትእዛዝ ) ናትካ ኣጉድልና ዲና ?
(30) قَالَ إِنِّي أَعْلَمُ مَا لا تَعْلَمُونَ
***( ቃላ ኢኒ ኣዕለሙ ማላ ታዕለሙን)***

ኣላህ ዓ/ወ ኢሊዎም ኣነ ዝፈልጦ እስኹም ኣይትፈልጡን ኢኹም::

መላኢካታት ነንርእሶም ዝርርብ ገበሩ

መላኢካታት ዓ/ሰ ይብሉ ረቢና ዓ/ወ ዝደለዩ ይፈጥር ካብቶም ዝረኣናዮም ፌጥረታት ማለት ከም ኣጅናን መርየት ሰማያት ኅቦታት ወ.ዘ.ተ

ኣንሕና ዝበለጽናን ዝኸበርናን ኢና ይብሉ

ኣንሕና ንበይንና ንሰብሒን ንቅዲስ ንኅይታና

መላኢካታት ዓ/ሰ የፊዓሉ ማ ዩእመሩን

ሓ ፈሻዊ ትርጉም ዝተኣዘዚዎ ይገብሩ ስለዚ ኸኣ

መላኢካታት ዓ/ሰ እቶም ዝበለጽን ዝኸበሩን እዮ ኣብ ቅድሚ ረቢ ዓ/

ኣላሁ ሰ/ዓ ንመለኢካታት ካብ መርየት ሓመድ ንከምጸሉ ኣዘዘ ካብ ዝተፈላለየ ናይ ሓመድ ዓይነታት ጻዕዳ ን: ቀይሕ: ጸሊም በዚ ካኣ እዮ ወዲ ሰብ ባህሪያቱ ዝተፈላለየ ዝኾነ : እቲ ሓመድ ምስተርከሰ ሉስሊስ ጭቃ ኮይኑ : ኣላሁ ስ/ዓ ንኣቡና ኣደም ባዕሉ በቲ ዚተባረኸ ''ኢዱ'' ፈጢርዎ ነዚ ዝመልክት ኣያ ቁርኣንያ ኣሎ''

لمَا خَلَقْتُ بِيَدَيَّ''

ሊማ ኸለቕቱ ብየዲ'

ሓፈሻዊ ትርጉም

ኣላሁ ዓ/ወ ንኣብና ኣደም ብኢድ ባዕሉ ከምዝፈጠሮ የራጋግጸልና:ኣብ ካልእ ኣያ ኸኣ ከምዚ ይብል

وَلَقَدْ خَلَقْنَاكُمْ ثُمَّ صَوَّرْنَاكُمْ

'': ወለቐድ ኸለቅናኩም ስማ ሰወርናኩ'

ሓፈሻዊ ትርጉም

ኣላሁ ዓ/ወ ይብል ምስፈጠርናኩም ከም ምስል ገርና ነቐሽናኩም(ስእልናኩም)

ኣብ ሓዲስ ሰሒሔ ቡኻሪ ወኢማም ኣሕመድ የዘንትዉ ኣቡና ኣደም ቁመቱ 60 እመት (ሚትሮ) ጎኑ 7 እመት እዩ ነይሩ ይብሉ ኣረሱል ሰ/ወ/ወ ኩሉ ቀጻሊ ወለዶ ቁመት እንዳ ጎደለ ይከይድ እቲ ዝነወሐ ናይ መጀመርያ ፍጥረት እዩ : ኣህሊ ጀና ( ኣብ ጀና ዝኣትው ) ኩሎም ክንድ ናይ ኣቡና ኣደም ቁመት እዩዎም :

ኣብ ሓዲስ ሰሒሔ የዘንቱ ኣልኢማም ሙስልም : ከምኡውን ኣልኢማም ኣሕመድ ኣላህ ስ /ዓ ንኣቡና ኣደም ምስፈጠሮ ሩሕ ከይገበረሉ ን40 መዓልት ንክንቅጽ ገደፎ ሸይጣን ረቢይንዓሎ እንዳ ዞረ ይርእዮ ነበረ ብምግራም ድማ እንታይ እዩ እዚ ክብል ጀመረ : ምስ ረኣዮ ብታሕቲ ከፉት መውጽኢ ንፋስ (መቀመጫ) ዓቕም ከምዘይብሉ( ብቀሊሉ ከምዝታለል) ተረዲኡ ካብዚ ንርዳእ ኣጀናን ከም ደቒ ሰባት መውጽእ ንፋስ ከም ዘይ ብሎም ቅድሚ ሩሕ ምስኻዑ ኣቡና ኣደም መላኢካታት ምስረኣይዎ ሰንብዶም ካብኦም ዝያዳ ዝሰንበደ ግን ሸይጣን ነበረ: ብእግሩ ይሃርሞ ብኣፍ ኣትዪ ብመቀመጭኡ ይውጽእ ነበረ ንምንታይ ተፈጥርካ ኣብ ጥፍኣት ኣብሕማቅ ነገራት ከውድቀካ እየ እንዳ በለ ይፍክር ነበረ::እቲ ጽሊእ (ኣንጻርነት) ካብ መጀመርያ እዩ ነይሩ::

ኣብ ሓድስ ተፍስር ነፍኽ ሩሕ ንኣብና ኣደም ከም ዝስዕብ የዘንትወልና''ኣላሁ ዓ/ወ ሩሕ ምስነፊኸሉ (ምስሰካዓሉ)እታ ሩሕ ኣብ ርእሱ ምስ በጸሓት'' ሕንጥሸ'' በለ ዓ/ሰ ''መልኢካታት'' እሎሞ በል'' ኣልሓምድሊላህ'' በለ''ኣልሓምድሊላህ ''ኣላሁ ዓዘወጀል እልዋ '' ረሒመካ ረበክ '' (ሓ/ት ምሕሩካ ጎይታኻ )ቅድሚ ሩሕ ኣብ ኩሉ ኣካሉ ምብጻሓ ራሕማ ናይ ረቢ ወርድዎ : ሩሕ ኣብ ዓይኑ ምስበጸሓት ንሽሻይ ናይ ጀና ምስረኣየ ሃረር በለ ሩሑ ኣብ ከብዱ ምስ በጸሐት ጥምየት ተሰመያ ሩሑ ገና ኣብ እግሩ

ሓፈሻዊ ትርጉም:

ከይበጸሐት እንኮላ ይህወኺ ነይሩ ካብቲ ሽሻይ ናይ ጀና ንኽበልዕ

''ኣላሁ ዓ/ወ ይብል'' ኽልቓል እንሳኑ ምንዓጀል''

ሓፈሻዊ ትርጉም

*ወዲ ሰብ ኩል ጊዜ ምስተሃወኸ እዩ

ኣላህ ስ/ዓ ንኣቡና ኣደም ምስፈጠሮ ኣብ ሑቑኡ ደረዞ ኩሉ ዘርኡ ካብ ሑቑኡ ወጽኦም ክሳብ የወመልቂያማ ዘለው

ንኣብና ኣደም ምስፈጠሮ ሩሕ ምስገበረሉ ኣላህ ዓ/ወ ንክሰግደሉ ኣዘዘ ንመላኢካታት: ሸይጣን ካብ ጅናን ሳሊሕን ሙእዙዚ ዘንቢ ገይሩ ኣይፈልጥን እዩ ነይሩ ኣላሁ ዓ/ወ ኣብ ቦታ ናይ መላኢካታት ሰቂልዎ :: ኣላህ ዓ/ወ ንኽሰግዱ ኣዘዘ እቲ ትእዛዚ እንቶላይ ንሸይጣን እዩ ነይሩ::

إِذْ قَالَ رَبُّكَ لِلْمَلَائِكَةِ إِنِّي خَالِقٌ بَشَراً مِنْ طِينٍ) فَإِذَا سَوَّيْتُهُ وَنَفَخْتُ فِيهِ مِنْ رُوحِي فَقَعُوا لَهُ سَاجِدِينَ

''ወኢዝ ቃላ ረቡካ ሊል መላኢከቲ ኢኒ ኸለቕቱ በሽረን ምን ጢን ''ፈኢዛ ሰወይቱ ወነፈኽቱ ፍሂ ምን ሩሒ ፈቓዑ ላሁ ሳጂዲን

ሓፈሻዊ ትርጉም

*ኣላህ ዓ/ወ ይብል ኣነ ካብ ጭቃ ሰብ ፈጥረ: ሩሕ ምስ ገበር ኩሉ ክትስግድሉ ኢኹም

ኩሎም መላኢካታት ሰጊዶም በጀካ ሸይጣን ኣይሰግድን እየ ኢሉ ኣበየ

ቀደም ጊዜ ናይ ኣኽቡሮት ስግደትይፍቀድ ነይሩ ኣብዚ ዘለናዩ ዘመን ግን ኣይፍቀድን (ሓራም ) እዩ

ኣላሁ ዓ/ወ ምስ ሸይጣን ዝርርብ ገበረ

قَالَ مَا مَنَعَكَ أَلاَّ تَسْجُدَ إِذْ أَمَرْتُكَ

'' ማመናዓካ ኣላተስጅዳ ኢዝ ኣመርቱክ ''

ሓፍሻዊ ትርጉም

ኣላሁ ዓ/ወ ይብል ስለምንታይ ዘይትሰግድ ብዝኣዘዝኩኻ

قَالَ أَنَا خَيْرٌ مِنْهُ خَلَقْتَنِي مِنْ نَارٍ وَخَلَقْتَهُ مِنْ طِينٍ (12)

''ኣነ ኸይሩን ሚንሁ ኸለቕተኒ ሚን ናር ወኽለቕታሁ ሚ ጢን ''

ሓፈሻዊ ትርጉም

ሸይጣን ረቢይንዓሎ ይብል ኣነ ካብኡ ይበልጽ ነዓይ ካብ ሓዊ ፈጢርካኒ ንዑኡ ካብ ጭቃ ፈጢርካዮ :

قَالَ فَاهْبِطْ مِنْهَا فَمَا يَكُونُ لَكَ أَنْ تَتَكَبَّرَ فِيهَا فَاخْرُجْ إِنَّكَ مِنْ الصَّاغِرِينَ (13)

''ቃላ ፈህቢጥ ሚንሃ ፈማ የኩኑ ለካ ኣንተተከበር ፊሃ ኢነካ ሚነሳቂሪን''

ሓፈሻዊ ትርጉም

ኣላሁ ስ/ዓ ካብ ጀና ሰጊጉዎ : ቀጽዕዎ ካብ ራሕማ (ርህራሀየ) ናተይ ተሰጊግካ ኢኻ :

*ንስኻ ካብቶም ንዑቃት ኢኻ ከመይ ገርካ ካብ ትእዛዘይ ትክበር

قَالَ أَنظِرْنِي إِلَى يَوْمِ يُبْعَثُونَ

''ቃላ ኣንዚርኒ ኢላ የወሚ ዩብዓሱን''

ሓፈሻዊ ትርጉም

ሸይጣን ረቢይንዓሎ ይብል ኣንታ ጎይታይ ኣጽናሓኒ ( ጊዜ ) ሃበኒ ክሳብ የወመል ቂያማ

قَالَ إِنَّكَ مِنْ الْمُنظَرِينَ

'' ቃላ ኢነካ ሚነል ሙንዘሪን ''

ሓፈሻዊ ትርጉም

ኣላህ ዓ/ወ ይብል ኣጽነሓካ ኣለኹ ክሳብ የወመልቂያማ

قَالَ فَبِمَا أَغْوَيْتَنِي لأَقْعُدَنَّ لَهُمْ صِرَاطَكَ الْمُسْتَقِيمَ (16

''ቃላ ፈቢማ ኣቕወይተኒ ላኣቕዑዳና ለሁም ሲራጣካል ሙስተቂም ''

**ሸይጣን ረቢ.ይንዓሎ ናይ ምጽናሕ ተስፋ ምስረኸበ መንገድኻ ዝኽተሉ ኣብ ጥፋኣት ከውድቆም(ከጋግዮም )**
**ንዚ ድኻ ካባይ ንላዕሊ ኣኽቢ.ርካዮ**
**ናቱ ዘርኢ. ብየማኖም ብጸጋሙም ብድሕርኦም ብቅድሚኦም እንዳ ከድኩ ከጋግዮም እየ ዘመስግንካ ኣይትረክብን ኢ.ኻ**

42) إِنَّ عِبَادِي لَيْسَ لَكَ عَلَيْهِمْ سُلْطَانٌ إِلاَّ مَنْ اتَّبَعَكَ مِنْ الْغَاوِينَ

**’ ኢ.ና ዒባዲ.ያ ለይሳ ለካ ዓለይሂም ሱልጣን ኢ.ላ መን ተብዐካ ምነልቓዊይን’’**
**ሓፈሻዊ ትርጉም**
**እቶም ናተይ ተኸተልቲ ዝኾኑ ኣይትኽእሎምን ኢ.ኻ እቶም ንዓኻ ዝሰዕቡኻ ፋስድን ( ሕማቅ ስራሕ ሽርክ ዝገብሩ) እዮም::**

وَإِنَّ جَهَنَّمَ لَمَوْعِدُهُمْ أَجْمَعِينَ

**ወኢ.ና ጀሃነባ ለመዌዒ.ዳሁም ኣጅመዒ.ን**
**ሓፈሻዊ ትርጉም**
*** ኣላሁ ዓ/ ወ ይብል ንዓኻን ንሳዓብትኻን ብሓባር ቦታኹም ሓዊ ጀሃነብ ይኸውን ::**
**መጀመርያ ንረቢ. ዝዓሰየ ( ዘንቢ.) ዝገበረ ሸይጣን ረቢ. ይንዓሎ እዩ እታ ናይ መጀምሪያ ዘንቢ. ኻኣ ምኽባር (መንከማይ) ኣነ ይበልጽ ወ.ዘ.ተ ናዚ. መቀጸልታ ኸኣ ኣብ መጻእ ጊዜ የራኽበና እንሻኣላህ::**

**ዓ/ወ : ዓዛ ወጀል ማለት እዩ**
**ሰ.ዓ.ወ. ሰላላሁ ዓለይሂ ወሰለም ማለት እዩ:**

**ካብ ሓፍቱኹም ፊላህ ፍዚ.ያ ሓሰን ኣማን**

.......................................................................................................................
......................

# 3 Embryos

Im Bauch einer schwangeren Frau waren einmal 3 Embryos. Einer davon ist der kleine Gläubige, einer der kleine Zweifler und einer der kleine Skeptiker.
Der kleine Zweifler fragt: „Glaubt ihr eigentlich an ein Leben nach der Geburt?“
Der kleine Gläubige: „Ja klar, das gibt es. Unser Leben hier ist nur dazu gedacht, dass wir wachsen und uns auf das Leben nach der Geburt vorbereiten, damit wir dann stark genug sind für das, was uns erwartet.“
Der kleine Skeptiker: „Unsinn, das gibt es doch nicht, wie soll denn das überhaupt aussehen, ein Leben nach der Geburt?“
Der kleine Gläubige: „Das weiß ich auch nicht so genau. Aber es wird sicher viel heller als hier sein. Und vielleicht werden wir herumlaufen und mit dem Mund essen.“
Der kleine Skeptiker: „So ein Quatsch! Herumlaufen geht doch gar nicht. Und mit dem Mund essen, so eine komische Idee. Es gibt doch die Nabelschnur, die uns ernährt. Außerdem geht das gar nicht, dass es ein Leben nach der Geburt gibt, weil die Nabelschnur ja jetzt schon viel zu kurz ist.“
Der kleine Gläubige: „Doch, es geht bestimmt. Es wird eben alles nur ein bisschen anders.“

Der kleine Skeptiker: „Es ist noch nie einer zurückgekommen von nach der Geburt. Mit der Geburt ist das Leben zu Ende. Und das Leben ist eine einzige Quälerei. Und dunkel.“
Der kleine Gläubige: „Auch wenn ich nicht so genau weiß, wie das Leben nach der Geburt aussieht, jedenfalls werden wir dann unsere Mutter sehen.“
Der kleine Skeptiker: „Mutter?! Du glaubst an eine Mutter? Wo ist sie denn bitte?“
Der kleine Gläubige: „Na hier, überall um uns herum. Wir sind und leben in ihr und durch sie.
Ohne sie könnten wir gar nicht sein.“
Der kleine Skeptiker: „Quatsch! Von einer Mutter habe ich noch nie etwas gemerkt, also gibt es sie auch nicht.“
Der kleine Gläubige: „Manchmal, wenn wir ganz still sind, kannst du sie singen hören. Oder spüren, wenn sie unsere Welt streichelt. Ich glaube auf jeden Fall, dass unser eigentliches Leben erst dann beginnt.

Verfasser unbekannt

## መቐጸልታ ናይ ገጽ (1) ታሪኽ  ኣቡ ሁሬይራቱ  (ኣልደወሲዩ)

ኣብዚ ጊዜ እዚ ኣቡ ሁረይ ኣብ ኢድ ጡፋይል ኣብ እስልምና ኣተወ :ብድሕር 6 ዓመት ሂጂራ እዩ ዝነበረ:
እዚ ኀበዝ ካብ ዓለት ኣልደወሲ (ኣቡ ሁረይራ)  ኩሉ ነገር ገድፉ ንረሱል ሰ/ወ/ወ ንኽከድሞምን ስሕበት(ዓርኪ)
ንኽኸውን ወሰነ:መስግድ ገዝኡ: ነቢይ ከኣ መምህሩን መራሕኡን ገበረ:  ኣብዚ ጊዜ እዚ ኣቡ ሁሬይራ ሓዳር ወይ ወላድ
ኣይነበሮን ግን ብዕድመ ዝደፈኣት ኣደ ነበረቶ: ከምኡ ድማ ብሽርኪ ትምክሕቲ ዝነበራ : ምስ እዚ ኩሉ እንዳሃለወት
እንኮላ ወዳ ዳዕዋ ይገብረላ ነበረ :ብርህራሄን ሠናይ ተግባር ንወላዲቱ :እሳ ግን ካብኡ ትሃድምን :ትጸርፎን ነበረት:: እሱ
ግን ልቡ ብሑዙኑ ይገድፋ ነበረ ::

ሓደ ግዜ ድማ ከም ልማዱ ዳዕዋ'' ኢማን ቢላህ ወቢ ረሱል'' ምስ ገበረላ ዘሕዚንን ዘጉህን ሕማቅ ዘረባ ብረሱል ምስ
ተዛረብቶ እንዳ በኽየ ናብ ረሱል ሰ/ወ/ወ: ከደ :: ካብኡ''ኣረሱል ሰ/ወ/ወ :እንታይ የብክየካ ኣሎ ያኣባ ሁሬይራ'' ?
ኢሎም ሓተትዎ ይብል: ኣቡ ሁሬይራ ኣነ ነደይ ብሕማቅ ተዛሪበላ ኣይፈልጥን እየ ::ኩሉጊዜ ዳዕዋ ክገብረላ ትኣብየን
:: ሎሚ መዓልቲ ድማ ዳዕዋ ገረላ ብኣኻ ዝጸልኦ ኣስሚዓትኒ :እሞ ድዓ ግበረላ ረቢ እታ ልባ ናብ መንገድ እስላም
ክመርሓ ::ኣረሱል ሰ/ወ/ወ :ድማ ድዓ ገበሩላ ::

ኣቡ ሁሬይራ ይብል ናብ ገዛ ምስ ተመለስኩ እታ ማዕጾ ግፍትን ኢላ ጸነሐትኒ : ከምኡድማ ናይ ማይ ጨራዕራዕ
ሰማዕኩ :ክኣቱ ኢለ ሃሰውሰው እዳበልኩ እንከለኹ ኣደይ
ኢላትን ኣብ ዘለኻዮ ጽናሕ(ኣይትእቶ) ያ ኣባ ሁሬይራ: ድሕር ቁሩብ ምጽናሕ ክዳና ተኸዲና ኢላትኒ እቶ ኣትየ ::
''በለት  '' ኣሽሃድ ኣና ኢላህ ኢለላህ ወኣሽሃድ ኣና ሙሓመድን ዓብዱሁ ወረሱል'' ብቀጥታ  ናብ ረሱል ሰ/ወ/ወ
:ተመልሰ'' ኣነ ድማ በኺየ ብኩትር ሓጎስ ከምቲ ቅድሚ ሰዓት ዝበኽኩዎ ብኩትር ሓዘን  ''  '' ኣብሽር''ያ ረሱለላህ''
ድዓኻ ረቢ ተቀቢልዎ ኣደይ ረቢይ ኣህዲዋ ናብ እስላም ኣትያ ::
ብድሕር እዚ ኣቡ ሁሬይራ ንረሱል ሰ/ወ/ወ.. እቲ  ፍቲወቱ ኣዝዩ በርተዐ:: ኣቡ ሁሬይራ ንረሱል ሰ/ወ/ወ. . ርእዩ
ኣይጸግበሙ ነበረ:  ከምዚ ድማ ''በለ'' ዝበለጸን ዝመልከዐን ገጽ ርእየ ኣይፈልጥን በጀካ ናይ ረሱል ገጽ ከም ናይ ንግሆ
ጸሓይ በረቅ ኮይኑ ይርኣየን እታ ጸሓይ ከም ኣብ ገጽ ትኸይድ ደላ ትመስል ::
        ኣቡ ሁሬይራ ብጣዕም ንረቢ የመስግን ነይሩ ረቢ ፈትዮለይ ስሕበት (ዓርኪ) ናይ
ነቢይ :ከምእውን ዲነይ ብምኽትታለይ :ከምዚ ዝስዕብ ይብል ነበረ::

*ኣልሓምድሊላህ ለዚ ሃዳ ኣባ ሁሬይራ ኣልኢስላም
*ኣልሓምድሊላህ ለዚ ዓለማ ኣባ ሁሬይራታ ኣልቁርኣን
*ኣልሓምድሊላህ ለዚ መናዓላ ኣባ ሁሬይራታ ብስሕበት መሓመድ ሰ/ወ/ወ..
 የዘንቱ ዜድ እቢን ሳብትይብል ኣነን ኣቡ ሁረይራን ሓደ ዓርከይን ኣብ መስግድ ኮይና ድዓ:ዝክር እንዳገበርና እንኮለና
ረሱል ሰ.ወ.ወ መጽኦም ምሳና ኮፍ በሉ ሹዑ ኣንሕና ስቅ በልና ኣረሱል ሰ.ወ.ወ እሎምና ቀጽሉ ከምቲ ክትብልዋ
ድጸናሕኩም :ኣነ ዓርከይን ድዓ ንገብር ኣረሱል ሰ.ወ.ወ.ኣሜን ይብል :ብድሕርኡ ኣብሁረይራ ድዓ ክገብር
ጀመረ'' ኣላሁማ ኢን ኣስኣሉካ ማሰኣለካ ሳሕቢይ:'' '' ወኣስኣሉካ ዒልማን ላይንሳ ''
ሓፈሻዊ ትርጉም:
ኣቡ ሁረይራ ይብል''ኣንታ ኀይትይ ይሓተካ (ይሊምነካ) እዚ ዓርከይ ዘይሓተተካ: ብድጋሜ እውን ይሓተካ ዘይርሳዕ
ፈልጠት ሃበን
በሉ ኣረሱል ሰ.ወ.ወ.ኣሜን ሽዑ ኣንሕና እልና ኣንሕና እንቶላይ ንደሊ እና  ዘይርሳዕ
ፈልጠት እሎም ኣረሱል ሰ.ወ.ወ.በዚስ ቀድምኩም ኀበዝ ወዲ ዓሌት ኣደወስ (ኣቡ ሁረይራ) ኣቡ ሁረይራ ከምት ንነብሱ
ዒልሚ ዝፈትዎ ንኻልኦት እውን ይፈትወሎም ነበረ ሓንት መዓልት ኣብ ሹቅ ናይ መዲና ምስ ወረደ እቲ ህዝቢ
ብኣድንያ ሸበድበድ ክብሉ ማለት ብምሻጥን: ብምልዋጥን ጠጠው እሉ  ረኣዮም ከምዚ ዝስዕብ ድማ በሎም ''እንታይ
ኣድኪሙኩም ሕዚቢ መዲና? '' እሳቶም ድማ እሎም እንታይ ድኪመት ርእካልና ኣንታ ኣቡ ሁረይራ?  ኣቡ ሁረይራ
በለ''ኣረሱል ሰ.ወ.ወ ''ውርሻ'' ይመቅል ኣሎ ዘገርም እዩ እስኩም ድማ ኣብዚ ኣለኩም ኣይትከድን ዶ ? ብጽሕቲኩም
ንክትወስዱ ኣበይ እሎም ሓተቱ ኣብ መስጊድ  ብቁልጡፊ ከይዶም ተመለሱ ኣቡ ሁረይራ ኣብቲ ቦታ ደው እሉ ጸንሐ
ክሳብ ዝምለሱ ምስረኣይዎ እሎሞ ''ኣንታ ኣቡ ሁረይራ ኣብ መስግድ ኣቲና ወላሓንት ኣይረኣናን ዝምቀል:እሊዎም
ኣብ መስግድ ዶ ?  ሰብ ኣይረከብኩምን (ኣይረኣኩም) ዲኹም :እው ርእና ገሊኦ ይሰግድ ገሊኦ ይቀርኡ ገሊኦም ኸኣ
ይዘራረቡ (ይተሓታተቱ) ብሓራምን ሓላሊን እሊዎም ኣቡሁረይራ '' ወይለኹም  ''እሱ እዩ እቲ
'' ውርሻ  '' ኣረሱል ሰ.ወ.ወ.

**ካብ ሓፍቱኹም ፈላህ ፍዚያ ሓሰን ኣማን**

## *Und Allah genügt uns als Beschützer*

**Allah liebt diejenigen Menschen, die ihm voll und ganz vertrauen.**
**So wird auch im Quran in der dritten Sura, Surat-Ali-Imran (Die Sippe Imrans) über die Ungläubigen gesprochen, die den Gläubigen Angst einjagen wollten, indem sie ihnen schwer gedroht hatten.**

**Diejenigen, zu denen die Leute sagten: "Seht, die Leute haben sich bereits gegen euch geschart; fürchtet sie darum!" [3:172]**

**Doch anstatt, dass die Gläubigen Angst bekamen, blieben sie standhaft und wurden sogar noch stärker in ihrem Glauben, indem sie sagten:**

**„Allah (Gott) genügt uns, welch vorzüglicher Beschützer.“ [3:173]**

Was für beispielhafte Leute das doch waren!
Wenn wir Angst bekommen, so vergessen wir oft, dass wir Allah als besten Beschützer an unserer Seite haben und bemerken erst viel später, wie fehlerhaft unser Verhalten doch war, da wir einfach zu wenig auf den allerbesten Beschützer vertraut haben.

Diejenigen Menschen, die auf Allah voll und ganz vertrauen, sind jene, die Allah liebt und die Sein Wohlgefallen verdient haben.
So Allah sagt:

**„So kehrten sie mit einer Gunst von Allah und einer Huld zurück, ohne dass sie ein Übel getroffen hätte, und sie folgten dem Wohlgefallen Allahs; und Allah ist voll großer Huld. Dies ist nur der Satan, der (euch) mit seinen Gefolgsleuten Furcht einzuflößen sucht. Fürchtet sie aber nicht, sondern fürchtet Mich, wenn ihr gläubig seid! Und lasse dich nicht von jenen betrüben, die energisch dem Unglauben nacheilen; Sie werden Allah gewiss keinerlei Schaden zufügen. Allah will ihnen keinen Anteil am Jenseits geben, und für sie ist eine gewaltige Strafe (bestimmt). Wahrlich, wer den Glauben für den Unglauben verkauft - nimmer vermögen sie Allah etwas zuleide zu tun, und für sie ist eine schmerzliche Strafe (bereitet).“ [3:174-177]**

Wie klein und schwach wir doch ohne Allahs Hilfe sind!
So sollten wir auch nichts anderes fürchten, als Allah, den Allmächtigen, denn es wird uns nichts außer dem treffen, was Er uns nicht schon als Prüfung auf dieser Welt vorbestimmt hat.
Doch oft vergessen wir es!

Allah der Erhabene und Allmächtige sagt:

**Sprich: ”Nichts kann uns treffen außer dem, was Allah uns bestimmt hat. Er ist unser Beschützer. Und auf Allah sollen die Gläubigen vertrauen.“ [9:51]**

Dies sollten wir uns immer wieder in Erinnerung rufen und versuchen es mit Allahs Hilfe nicht zu vergessen. Und egal was uns trifft, es ist gut für uns. Doch liebt der Mensch stets das Schnelleintreffende und kann nicht gleich das Gute in einem Schicksalsschlag erkennen.

Muhammad (saws) sagt:

Abû Yahyâ Suhaib Ibn Sinân (r) überliefert, dass der Gesandte Allâhs (saws) sagte:
"Der Gläubige ist zu bewundern, da alles für ihn gut ist.
Und niemanden außer einem Gläubigen zeichnet dies aus:
Wenn ihm etwas Erfreuliches widerfährt und er dankt (Allâh) dafür, so ist das gut für ihn.
Wenn er von einer Prüfung heimgesucht wird und sich in Geduld übt, so ist das auch gut für

ihn." (Muslim)

Dankbarkeit und Geduld sind Charaktereigenschaften eines Muslims, die zeigen, dass er seinem Herrn voll und ganz vertraut.
Derjenige jedoch, der diese Eigenschaften nicht besitzt, wird seinem Herrn nicht voll und ganz vertrauen können, da sich in seinem Herzen stets ein Zweifel über die Allmacht Allahs befinden wird.

Und warum sollten wir nicht auf Allah vertrauen, wo Er uns doch unsere Wege geleitet hat? Und wir wollen gewiss mit Geduld alles ertragen, was ihr uns an Leid zufügt; und auf Allah sollen sich diejenigen verlassen, die sich (überhaupt auf jemanden) verlassen (wollen).“ (14:12)

Auch hier erkennen wir, wie wichtig doch die Geduld ist. So sollten wir Allah immer um Geduld bitten. Denn Allah ist der Geduldige (auf arab. As-Sabur) und nur von Ihm kommt die Geduld.

So sagt Allah, der Liebenswürdige:

**„O ihr, die ihr glaubt, sucht Hilfe in der Geduld (Standhaftigkeit) und im Gebet; wahrlich Allah ist mit den Geduldigen (Standhaften).“(2:153)**

**“O ihr, die ihr glaubt, übt Geduld und wetteifert in Geduld und seid standhaft und fürchtet Allah; vielleicht werdet ihr erfolgreich sein.“(3:200)**

Also lasst uns geduldig und standhaft sein, indem wir auf unseren Herrn vertrauen, dass er alles zum Guten leiten möge. So verspricht uns auch Allah, dass nach einer schweren Zeit stets Erleichterung kommen wird, so wie es auch in der folgenden Aya heißt:

**„Also, wahrlich, mit der Erschwernis geht Erleichterung einher (94:5); gewiss, mit der Erschwernis geht Erleichterung (einher).“(94:6)**

Lasst uns also unseren Herrn folgendes bitten:

„Unser Herr, überschütte uns mit Geduld (Standhaftigkeit) und lass uns als Muslime (Gottergebene) sterben.“ (7:126)

Es folgen nun weitere Quran-Verse über das Vertrauen auf Allah, den Beschützer der Gläubigen:

Sprich: ”Er ist der Allerbarmer; an Ihn glauben wir und auf Ihn vertrauen wir. Ihr werdet bald erfahren, wer sich in einem offenbaren Irrtum befindet.“
**„Und gehorche nicht den Ungläubigen und den Heuchlern und beachte ihre Beleidigungen nicht, die sie dir zufügen und verlasse dich auf Allah; denn Allah genügt als Sachwalter.“(33:48)**

“Und jene, die glauben und rechtschaffene Werke tun, beherbergen Wir in den oberen Gemächern des Paradieses, durcheilt von Bächen. Darin verweilen sie auf ewig. Herrlich ist der Lohn derjenigen, die gut handeln (29:58), die da standhaft sind und auf ihren Herrn vertrauen.“(29:59)

“und wenn du entschlossen bist, dann vertrau auf Allah; denn wahrlich, Allah liebt diejenigen, die auf Ihn vertrauen.“ (3:159)

# كن مع نفسك صريحا

**فيصل بن سعود الحليبي**

إن من الخطأ حقًا أن يعتقد بعض من مَنّ الله عليهم بالهداية والاستقامة، حتى غدوا في طريق الدعاة أو طلبة العلم، أو حتى من عامة الناس الذين سلكوا طريق الإيمان وارتضوه، من الخطأ أن يعتقدوا أنهم قد بلغوا درجة كمال الإيمان، هذا الاعتقاد الذي يوهمهم بشعور شيطاني خفيّ ليسقطهم في شباك غاية في التعقيد، حتى تبدو عليهم عدة مظاهر قد لا تتبين لهم، ولكنها غاية في الظهور أمام الناس. وإليك بعض هذه المظاهر التي أطلب من نفسي وألتمس منك أيها الصادق مع نفسه أن نبحث عنها في أنفسنا، فربما كانت فينا؛ لنقف عليها ونعالجها قبل أن يستشري داؤها، وينتشر وباؤها، ولقد رصدت لك عشرين مظهرًا، إليك بيانها :

(1)أن يشعر أحدنا بأنه فوق النصيحة، وأنه غدا ناصحًا، ولا يقبل أن يكون منصوحًا؛ فإن من المفاجأة له أن يتجرأ أحد من الناس بنصيحته، وقد يبدي شيئًا من قبولها لكنها تكون على نفسه أثقل من الجبال، وهنا يتثاقل عن العمل بها، وربما يبدأ صفحة كره وبغض، أو على الأقل تجنّب لهذا الناصح الأمين واستثقال لمجالسته. فأين هذا المنصوح من قول النبي صلى الله عليه وسلم » : الدِّينُ النَّصِيحَةُ، قُلْنَا : لِمَنْ ؟ قَالَ: لِلَّهِ وَلِكِتَابِهِ وَلِرَسُولِهِ وَلأَئِمَّةِ الْمُسْلِمِينَ وَعَامَّتِهِمْ « رواه مسلم. فهل يحب من يأبى النصيحة أن يبقى على زلــــله من دون أن ينبهه أحد على ذلك، فيكون بذلك عرضة للاستمرار فيه، والوقوع في عواقبه؟

(2)ومن هذه المظاهر: البحث عن الفتاوى الشرعية التي توافق هواه أو تحقق له مصلحة شخصية، حتى لو أدى هذا الأمر إلى تغيير وجهة نظر كانت راسخة في ذهنه، أو عليها عمله فترة طويلة، وإن أشبه شيء لهذا التصرف هو ما يطلق عليه العلماء بتتبع الرخص تشهيًا ولعبًا بالدين وأحكامه.

(3)ومن هذه المظاهر: التقليل من عمل الآخرين، والتحقير من جهودهم، ففي الوقت الذي يتفانى عدد من المخلصين في خدمة الدين ورفعته والدعوة إليه، نجده لا يعرف إلا النهش في نواياهم، والقدح في مقاصدهم، ويحاول جاهدًا في صرف ألوان الإكبار عنهم، وقد يصل الأمر إلى السخرية بهم، وتكمل فرحته إذا ظهر خطأ أحدهم. ومطية ذلك كله سوء الظن، وعدم صفاء القلب، ووالله لا أجد ترهيبًا لمثل هذا المظهر أكثر من قول الله تعالى } :الَّذِينَ يَلْمِزُونَ الْمُطَّوِّعِينَ مِنَ الْمُؤْمِنِينَ فِي الصَّدَقَاتِ وَالَّذِينَ لاَ يَجِدُونَ إِلاَّ جُهْدَهُمْ فَيَسْخَرُونَ مِنْهُمْ سَخِرَ اللّهُ مِنْهُمْ وَلَهُمْ عَذَابٌ أَلِيمٌ .{

(4)} ومن هذه المظاهر: الانشغال بالجزئيات، والتفريط في الأمانات، وياله من مظهر لا يتفق أبدًا مع مظهر الالتزام والصدق مع الله، فهل من الدين أن ينشغل المرء ببعض المندوبات حتى يؤثر هذا على أداء العمل والأمانة التي يجب القيام بها؟ هل من الالتزام أن يتظاهر بالمرض أو التعب ليتخلّف عن حضور الدوام الرسمي؟ وهل من التمسك بالإسلام أن يفرط في رعايته لأسرته وتربية أولاده بحجة نشر الدين والدعوة إليه؟! وهل من الاستقامة أن يتخذ المرء الكذب مطية لدفع تهمة التقصير في المسؤولية الملقاة على كاهله؟! يقول الله تعالى :يا أَيُّهَا الَّذِينَ آمَنُواْ لاَ تَخُونُواْ اللّهَ وَالرَّسُولَ وَتَخُونُواْ أَمَانَاتِكُمْ وَأَنْتُمْ تَعْلَمُون

(5) ومن هذه المظاهر: حب الظهور والقيادة ولو على شيء يسير، بل ربما يجاهد ويكافح من أجل هذا الأمر، وما علم أن تحمل المسؤولية والأمانة حمل ثقيل على الأتقياء والمخلصين » .عَنْ أَبِي مُوسَى قَالَ: دَخَلْتُ عَلَى النَّبِيِّ صلى الله عليه وسلم أَنَا وَرَجُلاَنِ مِنْ بَنِي عَمِّي، فَقَالَ أَحَدُ الرَّجُلَيْنِ: يَا رَسُولَ اللّهِ، أَمِّرْنَا عَلَى بَعْضِ مَا وَلاَّكَ اللّهُ، وَقَالَ الآخَرُ مِثْلَ ذَلِكَ، فَقَالَ: إِنَّا وَاللّهِ لا نُوَلِّي عَلَى هَذَا الْعَمَلِ أَحَدًا سَأَلَهُ وَلا أَحَدًا حَرَصَ عَلَيْهِ « رواه مسلم.

**ኣብ መጸኢ ሕታምና ኢንሻኣላህ ይቕጽል**

## ሕቶ ንኣል-ላህ

ሰይድና ሙሳ ሓንቲ መዓልቲ ብዛዕባ ሞት እንዳሓሰበ እንከሎ ሓንቲ ሕቶ ኣብ ሓምኑሉ መጺኣቶ:ንኣላህ ሱብሓነሁ ወታዓላ እውን ከምዚ ክብል ጠየቖ.
ኣንታ ጎይታ ወዲ ኣደም ነዛ ዓለም ብሞት ምፍላዩ ዘይተርፎ እንተኾይኑስ ንምንታይ ዳኣ ፈጢርካዮ:

ኣላህ ሱብሓነሁ ወታዓላ ካኣ:ከምዚ ዝስዕብ ጌሩ መለሰሉ:

*(( ያሙሳ እዛ ሕቶኻ ክምልሰልካ እንተደሊኻ ሓንቲ ነገር ኣማላኣለይ ብምባል:ስርናይ ክዘርእ ኣዘዞ))*

እሞ ሰይድና ሙሳ ትእዛዝ ኣላህ ክፍጽም ጀመረ::
መዓልትን ከልብን ከይጸዋዕካዮም ይመጹ ከምዝባሃል ካኣ ወዮ ዝተዘርአ ስርናይ:ጠጢዑ ግዜ ምዕጻድ ኮነ:
ሰይድና ሙሳ ኻኣ ዓጺዱ ምስ ጨረሰ:እቲ ዘድሊ ነገር ኣማሊኡ: ኣብ መደምደምታ:ስርሑ ስርናይ ካብ ክርዳድ ምፍላይ ኮነ::

ኣብዚ ግዜ ዚ ኣላህ ስብሓነሁ ወተዓላ ንሰይድና ሙሳ:(( እንታይ ዳኣ ትገብር ኣለኻ ክብል:ሕቶኡ ኣቕረበሉ::
እቲ ጽቡቕ ካብ ሕማቕ ይፈልዮ ኣለኹ:ኢሉ:ምስ መለሰሉ:;
ኣላህ ሱብሓናሁ ወታዓላ ካኣ ከምዚ ዝብል መልሲ መለሰሉ:
*(( ንስኻ ንጽቡቕን ሕማቕን ትፈላሊ ኣለኻ: ሞት ካኣ ሞት ካኣ ንወዲሰብ ከምኡ ጌሩ እዩ ዝፈላልዮ::*
*ከምዚ ሕጂ ንስኻ እቲ ጽቡቕ ካብ ሕማቕ ፈልዮ ዘለኻ: ሞት ካኣ ንወዲሰብ ከምኡ ጌራ እያ ካብ ዓለም እትፈልዮ::*

*እምበኣር ክቡር ሓው ኣንባቢ:እቲ ኣብዚ ክብሎ ዝደሊ:ኣብዛ ተራፊት ዓለም ንመዋእል ክንነብር ኣይኮነናን ተፈጢርና::*
*እንታይ ዳኣ: ካብዛ ናይ ፈተነ ዓለም: ተገላጊልና* →

ናብታ ንዘልኣለም እንነብረላ ጀና ወይ ጀሃነም ኢና ተፈጢርና::

ኣላህ ሱብሓነሁ ወታዓላ ኣብ ሱረት ኣልሙልክ ኣያ ቁ:1ን 2ን  ከምዚ ይብል:

تَبَارَكَ الَّذِي بِيَدِهِ الْمُلْكُ وَهُوَ عَلَى كُلِّ شَيْءٍ قَدِيرٌ(1)
الَّذِي خَلَقَ الْمَوْتَ وَالْحَيَاةَ لِيَبْلُوَكُمْ أَيُّكُمْ أَحْسَنُ عَمَلاً
وَهُوَ الْعَزِيزُ الْغَفُورُ (2)

ኣላህ ሱብሓነሁ ወታዓላ እቲ ንኹሉ ነገር ዝውንን ኣብዘን ዘተጠቕሳ ኣያታ( ትቕስታት) ንሞትን ሂወትን ምእንቲ ናዓና ክፍትን ከምዝፈጠረ ይሕብረና::
ዕላማ እዚ ፈተነ ኻኣ ምእንቲ መን ካባና እቲ ዝበለጸ ስራሕ ዝሰርሕን ምእንቲ ክንምርመር እዩ::

ማለት መንዩ እቲ መንገዲ ቅንዕና ተኸቲሉ ዝጓዓዝ: መዩኽ እቲ ካልእ ናይ ስሕታን መንገዲ ዝኸተል::
እሞ እቲ ጉዳይ ብሩህ ስለ ዝኾነ ካብዛ ኣዱንያ ምፍላይና ዘይተርፈና ክብኮነ እቲ ረቢ ዝኣዘዘና ትእዛዛት ኣተግቢርና ተተፈለና ይሓይሽ እመስለኒ::

***ሓውኹም:ኢብራሂም ዓጣ***

### ለበዋ:

ክነደይ ኣሕዋት ኮን ይህልዉ ፍልጠትን ክእለት ናይ ምጽሓፍ ዝመልኩ:ኣነ ዝፈልጠምኳ ብዙሓት እዮም::ማለት ብቋንቋ ትግርኛ ዝዛረቡን ዝጽሕፉን::ግን እቲ ሕቶይ እንደገና:እዞም ኣሕዋት ስለምንታይ እዮም ወላ ሓንቲ ገጽ ትኹን ኣኣብ ሰለስተ ወርሒ ብተገዳስነት ጽሒፎም ዘይሰዱ::
እዚ ሕቶታት ኩሉ ግዜ እየ ንነፍሰይ ዝሓታ:  ግን መልሲ ክረክብ ኣይካኣልኩን:ምናልባት እቲ ክእለታቶም ካብዚ ንሕና እንጽሕፎ ዘለና ኣዝዩ ክብ ዝበለን ዝተማሓየሸኝ ስለ ዝኾነ ካልእ ግዜ ይጽበዩ ምናልባት ይህልዉ ዝብል ሓሳብ እዉን እሓስብ እየ::

ግን እዚ ካልእ ግዜ ካብ ምጽባይ ነዚ ጉዳይ ሓላፍነቱ ተሰኪሞም ስለምንታይ እዮም:ምሳና እጃሞም ዘየበርክቱ::

እቲ ኣጅሪ ካብ ረቢ እዩ:ምናልባት በቲ እትጽሕፉ እስላማዊ ተልእኾ ዝሓዘለ:ብዙሓት ሰባት ናብ መንገዲ ረቢ ዝመልስ ይኸዉን::

እሞ ክቡር ሓው:ካብቲ እትሰምዖን እትፈልጦን ሓንቲ ገጽ ጽሒፍካ ክትልእከልና ብትሕትና ንላበወካ::

ኣሕዋትካ ኣሳናዳእቲ መጺሔት ኣልዳዕዋ